ቢስሚላህ ኢለ ፅሑፈይ ክጅምር
ብዓቕመይ ክገልፅ ናይ ቁርኣን ተኣምር
ክንደይ ኢልካ ክፀሓፍ ክንደይከ ክንገር
ብዙሕዩ ሚስጢሩ ናይ ቁርኣን ነገር

ወሪዱ ናብ ረሱል ኣብ በዓቲ ሒራእ
ሒዙ መፅዩ ጅብሪል ሱረቱል ኢቅራእ
ብስራት ሒዙ ምስኡ መጠንቀቕታ
ሕዝነት ነዚ ኡማ ካብቲ ረሒም ጎይታ

እንተቀሪእኻዮ ኣለዎዩ ኣጅሪ
ካብታ ሓንቲ ሓርፊ ዓሰርተ ተፍሪ
ሕጉስውን ትኸውን ኣብዛ ዓለም ምድሪ
ብተጅዊድ ቅርኣዮ ተስፋኻ ክዛሪ

ንቁርኣን ዝመስል ሓደኳ ዘየለ
ክትርደኦ ይኹን ክትሕዞ ዝቕለለ
ፍፁም ዘይስልቹ ክንበብ እንተወዓለ
ግዳስ ይስሕበካ ፍቕሩ እንዳሓየለ

ኣጥቢቕና ንሓዞ ሸለል ኣይንበሎ
ደጋጊምና ንቕራእ ኣብልብና ንስቀሎ
ኣይንደርብዮ ኣብ ፈቐዶ አንጎሎ
ፅባሕ ከይንርሳዕ ሒሳብ እኮ ኣሎ

ኣብ ኣኺራ ድማ ሸፈዓ ክኾነና
ኣብቲ ከቢድ ጊዜ ነፃ ከውፀኣና
ብልቢ ንሓዞ ክኸውን ዋሕስና
መሓዛና ንግበሮ ዓበይቲ ነኣሸቱና

ንሱ እዩ ኣርማና ህያብ ካብ ረቢ
ኣጅርና ዘብዝሕ ቀንጢጡ ንዘምቢ
ርግኣት ንነብስና መድሓኒት ናይ ልቢ
ንጠቐመሉ ድኣ ንእሸቶ ምስ ዓቢ

ወሰለፈሁ ዓላ ሰዱድና
ሓደራኹም ኣሕዋት ንሓዞ ኣብ ልብና